# መዘኻኸሪ ጻውዒት ንማሕበረ-ሰብ ዓለም

## ካብ ወከልቲ ስደተኛታት  መዓስከራት ስደተኛታት ምብራቕ ሱዳን
## 22.04.2007

ክቡር ኣማሓዳሪ ዞባ ከሰላ

ምዉቕ ሰላምታና ድሕሪ ምቕዳም፡ ብመንገዲኹም ኣቢልና፡ ንኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ካልኦት ኣብ ጉዳይ ቀረብ መግቢ ንስደተኛታት ዝነጥፉ ከም ማሕበራት ዓለማዊ ውድብ መግብን፡ ብዛዕባ ኩነታትና ክንሕብረንን ክንሓተንን ኣፍቅዱልና። ዶንጐዩ ከም ዝበጻሓና፡ ልኡኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ረድኤት ከምዘቛረጸ ሰሚዕና። እዚ'ግን፡ ምስ ዘለና ኩነታት ኣዛሚድና ክንርእዮ እንከሎና ቅቡል ኣይኮነን።

ብሰንኪ ድሩት ሓገዛት፡ ኩነታት ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ኣናበኣሰ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ።  ኣቲ  ከም ስደተኛታት ኰይና ክንነብር ዝደረኸና ምኽንያት ጌና ቀጻሊ'ዩ ዘሎ። ቊጽሪ ስደተኛታት ኣናበዝሐ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ኣህጉራዊ  ናይ ረዲኤት ትካላት ከምዚ ዓይነት ስጉምቲ ክወስድ ኣይተጸበናዮን። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ውሳኔ ተወሲዱ እንተደኣኰይኑ ድማ፡ ኩነታትና ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝበኣሰ ከምርሕ ምዃኑ ከነጠንቅቕ ንፈቱ። ንሕና፡ ኣብ ሱዳን እንርከብ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ናብ ማሕበረ ሰብ ዓለምን ካልኦት ዝምልከተን ውድባትን ዝቀንዐ ኣውያትና ነቕርብ ኣሎና። ጉዳይና ህጹጽ ፍታሕ ክግበረሉን፡ ተረሲዕና ከይንተርፍን ድማ ኣጥቢቕና ንላቦ። መንግስትታት ይኹና ናይ ግብረሰናይ  ትካላትን ውድባትና ድማ፡ ኵነታትና ብቐረባ መጺኦም ክከታተልዎ ንዕድም። ንመነበብሮን ማሕበራዊ ጸገማትን ስደተኛታት ንምፍኳስ ዝዓለመ ትካላት ኣግልግሎትን ልምዓታዊ ንጥፈታትን መሳለጢታትን ኣሎ'ዶ?  ትምህርታውን ናይ ጥዕናን ትካላትን ማአከላት'ከ  ኣሎ'ዶ፣ ኣንተሎ'ኸ ካበይ ዝተረኽበ ሓገዝ ኣዩ ንምፍላጥ ብኣካል መጺእኩም ተዓዘብዎ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ነቲ  ንነዊሕ ዓመታት ከይበቐቐ ካብ ትሕዝቶኡ ዘካፈለናን ዘጽለለናን ዝሓከመናን ዘምሃረናን ለዋህ ህዝብን መንግስትን ሱዳን፡ ክብ ዝበለ ምስጋናና ከነቕርብ ንፈቱ። ከምኡ ውን፡ ኣህጕራዊ ናይ ግብረ-ሰናይ ትካላት ክሳዕ ሕጂ ዘበርከቱልና ሓገዛት ድሩት'ኳ ይኹን እምበር፡ ከየመስገናዮም ክንሓልፍ ኣይንመርጽን። ደጊምና ድማ፡ ንኵነታትናን ዘጋጥመና ዘሎ ጸገማትን ብቐረባን ብደቂቑን ከጽንዕዎ ንምሕጸን።

የቀንየልና።